## -8- ኤርትራውያን ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ኣብ ወትሃደራዊ መዓስከር

## ሱዳን ተኣሲሮም ስለዘለዉ ጉዳዮም ብሕጊ ክጻረ ንጽውዕ፡

ብዕለት 11/ 09/ 2020 - ሰዓት 16፡30 - ቕድም 3 - ደሓር ብሓደ ካፒተን ዝምርሑ -6- ወትሃደራት ሱዳን መጺኦም፡ /8/ ንሸመንተ ኤርትራውያን ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ኣሲሮም፡ ኣብ ከተማ ካርቱም ከላክላ (kelakila) ዝበሃል ወትሃደራዊ መዓስከር ከምዝወሰዱዎም ይፍለጥ። ከም ኤርትራውያን ሲቪላውን ፖለቲካውን ማሕበራት፡ ናይዞም 8- ዜጋታትና ጉዳይ ስለዘትሓሳስበና ሰብኣዊ መሰላቶም ተኸቢሩ ናይ ምክልኻል መሰሎም ተሓልዩ ክከራኸሩ፡ ኣብ ዝምልከቶ ናይ ሱዳን ፍርዳዊ ኣካል ቐሪቦም ጉዳዮም ብሕጋዊ ኣገባብ ብግቡእ ክጻረ ንጽውዕ።

<u>ናይ እሱራት ኩነታት:</u> እዞም -8- ኤርትራውያን ግዳይ ናይ ዘይፍትሓዊ ምምሕዳር ስርዓት ኤርትራ እዮም። ምኽንያቱ ኩሉ ዓለም ከምዝፈልጦ ንኤርትራ ዝመርሕ ዘሎ ስርዓት ብቕዋም፡ ብሕጊ ዝቖማ ኣብዝሓ ሰልፍታት ብናጻ ፖለቲካዊ ውድድርን ብህዝባዊ ምርጫ ዝተመስረተ ሕጋዊ መንግስቲ ኣይኮነን። ስለዚ እቲ ስርዓት ንህዝቡን ንቕዋምን ስለዘይውክል ተሓታትነት ዘለዎ ፍትሓዊ ምምሕዳር ከረጋግጽ ኣይከኣለን። ከም ሳዕቤኑ በቲ ስርዓት ዝፍጸሞ ዘሎ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላትን ዘይሕጋዊ ተግባርን ዜጋታት ክጻወሩዎ ኣብ ዘይክእልሉ ደረጃ ከምዝተበጽሔ ይፍለጥ። ኤርትራውያን ሰላምን ቕሳነት ዘለዎ ዉሑስ ናብራ ክመርሑ፡ Shoot to Kill Policy ካብ ሃገሮም ብዘይድሌቶም ዶብ ክሰግሩ ስለዝፍትኑ፡ ተኲስካ ቕተል ዝብል ኣዕናዊ ፖሊሲ ክጥሕሱ ይግደዱ ኣለዉ። እዞም ተኣሲሮም ዘለዉ 8- ኤርትራውያን እዉን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ዶብ ሰጊሮም ኣብ ሱዳን ናይ ስደተኛ ሕጋዊ ፍቓድ ኣለዎም። ሳምሶም ግርማይ ዝበሃል ሓደ ካብቶም እሱራት እዉን ስደተኛ ኮይኑ ኣብ ዓዲ ጥልያን ከተማ ብሪንዲሲ ዝቕመጥ ሕጋዊ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎ እዩ። Brindisi City in Italy ንሱ ሕጽይቱ ኣብ ሱዳን ስለዝነበረት ክምርዖ ምስከደ ንቦትኡ ክምለስ ካብ ኢሚግሬሽን ሱዳን 2 - ግዜ መውጽኢ ቪሳ Exit Visa ተዋሂቡዎ ነይሩ ግና ብምኽንያት Covid – 19 ንጥልያን ክምለስ ከምዘይከኣለ ይፍለጥ።

<u>ምኽንያት ማእሰርቲ</u>፡ ብዕለት 01/ 05/ 2020 ዋና ገዛ ኣካራይ ኣቶ እስማዒል ዓብደልቃድር በክሪ፡ ናይ ክራይ ገዛ ደላላይ ኣቶ ሙስጣፋ ዓብደል ወሃብ ብሓደ ወገን፡ ተኻረይቲ ኤርትራውያን ብካልእ ወገን ውዕል ክራይ ገዛ ገይሮም ኣብ ክልተ ነጥብታት ተሰማሚዖም ነይሮም። <u>ቐዳማይ ነጥቢ:</u> ክራይ ገዛ ንወርሒ ብሕሳብ / 7. 000/ ሸውዓተ ሺሕ ፓውንድ ሱዳን ክኸፍሉ። <u>ካልኣይ ስምምዕ:</u> ካብ 01/ 05/ 2020 ክሳብ 30/10/ 2020 ዘሎ ግዜ ናይ 6- ኣዋርሕ ኣቐዲሞም ክራይ ገዛ ክኸፍሉ ተሰማሚዖም። እቶም ኤርትራውያን ከም ውዕሎም 7, 000 x 6 = 42. 000 ፓውንድ ሱዳን ብካሽ ከፊሎምዎ ነይሮም ንሱዳናዊ ዋና ገዛ ኣቶ እስማዒል።

ብዕለት 26/08/2020 ሰዓት 16፡00 / ድሕሪ 4- ኣዋርሕ ግና/ ዋና ገዛ ኣቶ እስማዒል ናብ ኤርትራውያን ተኻረይቲ መጺኡ <u>ካብ ውዕሎም ወጻኢ</u> ናይ ገዛ ክራይ ክፍሊት ገንዘብ ክውስኹ ሓቲቱዎምም። ዘይውስኹ እንተኾይኖም ግና ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ገዝኡ ክገድፍሉ ሓቢሮዎም ከይዱ። ብዕለት 11/09/2020 ሰዓት 14፡00 ዋና ገዛ ኣቶ እስማዒል ዓብደልቃድር በክሪ 3- ስቪል ዝተኸድኑ ወተሃደራት ሒዙ ናብ ተኻረይቲ ዝነበርሉ ገዛ ብዘይፍቓዶም ብሓይሊ ኣትዩ፡ ኣብቲ ገዛ ንዘሎ ንብረት ተኻረይቲ ካብ ውሽጢ እናውጽኡ ናብ ካንሸሎ ክድርብዮ ፈቲኖም ብዘይሕጋዊ ኣገባብ። ተኻረይቲ ንዝወረዶም ሰብኣዊ በደል ምስ ዋና ገዛ ክዘራረቡ ፈቲኖም ግና ንሱ ፍቓደኛ ስለዘይነበረ ፖሊስ ብዝወሰዱዎ ዘይቕኑዕ ተግባር ዘይምርድዳእ ተፈጢሩ።

ድሕሪ 30 ደቓቕ ሰዓት 16:30 ተወሲኺ ካልኦት 6 - ወተሃደራት ብመኪና ተጻዒኖም ኣብ ገዛ ተኻሪይቲ መጺኦም ጉዳይ ከየጻረዩ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ን-8- ኤርትራውያን ጥራይ ኣሲሮም ወሲዶሙዎም። ድሒሩ ዝተጻረየ ሓበሬታ ከምዘረጋግጾ ግና፡ ነቶም 6 - ወትሃደራት መሪሑ ዝመጸ ሓላፊ **<u>ካፒተን ካልድ ዑመር</u>** ዝበሃል፡ ንዋና ገዛ ኣቶ እስማዒል ዓብደልቓድር **<u>ሰብኣይ ጓሉ</u>** ከምዝኾነ ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ሱዳናውያን ይሕብሩ። እዞም 8 - ኤርትራውያን ተኣሲሮሙሉ ዘለዉ ቦታ ኣብ ካርቱም ከላኪላ ዝበሃል ናይ ሱዳን ምክልኻል ትሕጃ ሰራዊት መትሃደራዊ መዓስከር እዩ። Sudanese Reserved Army Military Camp located in kelakila, Khartoum.

## <u>ጻውዒትና ንኹሎም ደለይቲ ፍትሕን፡ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ዝምልከቶም ኣህጉራዊ ትካላትን፡</u>

1. ናይ -8- ስደተኛታት ኤርትራውያን ምግሃስ ሰብኣዊ መሰልን ዘይሕጋዊ ማእሰርትን ብጣዕሚ የሕዝነናን የተሓሳስበና እዩ። ምኽንያቱ ብውዕሉም መሰረት ኣቐዲሞም ናይ 6- ኣዋርሕ ክራይ ገዛ ብግቡእ ከፊሎም። እንተኾነ ግና ዋና ገዛ ግዜ ከይኣኸለ ቅድሚ 2- ኣዋርሕ ዝያዳ ገንዘብ ክኸፍሉ ምሕታቱ ንውዕሎም ኣፍሪሱ ንመሰሎም ግሂሱዎ። በደል እንተለዎም እዉን መሰሎም ኣኽቢሩ ሕጋዊ ክሲ ኣብ ክንዲ ዝምስርት፡ ናይ ካፒተን መዓርግ ዘለዎ ሰብኣይ ጓሉ ንስልጣን ከም መሳርሒ ተጠቒሙ ኣብ ልዕሊ ተኻረይቲ ኤርትራውያን ዝተፈጸመ ማእሰርቲ ዘይሰብኣዊ ተግባር ስለዝኾነ ኣጥቢቕና ንኹኖ። መሰሎም ከቢሩ እዉን ብሕጋዊ ኣገባብ ብግቡእ ክጻረ ንጽውዕ።
2. ኩሎም ደለይቲ ፍትሒ፡ ንጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት ዝምልከቶም ኩሎም ኣህጉራዊ ትካላት ከም ኣፍሪቃዊ ሕብረት፡ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት። ከምኡ እውን ናጻ ኣህጉራዊ ትካላት ከም ሓለዋ ሰብኣዊ መሰላት Human Rights Watch፡ ኣህጉራዊ ኣምንስቲ Amnesty International ናይ 8- ኤርትራውያን እሱራት ጉዳዮም ብሕጋዊ ኣገባብ ክጻረ ዝስከሙዎ ኣህጉራዊ ግዴታ ክፍጽሙ፡ ጣልቃ ኣትዮም ነቲ ዝተፈጸመ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ከምርምሩ ጸቕጢ ክገብሩ ንጽውዕ።

3. ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት UNHCR. ኣብ ልዕሊ 8- ኤርትራውያን ንዝተፈጸመ ዘይሰብኣዊ ተግባር ብሕጋዊ ኣገባብ ክጻረ ኣህጉራዊ ግዴት ተሰኪሙ ነዚ ጉዳይ ብግቡእ ክከታተሎ ንጽውዕ። እዞም 8- ስደተኛታት ኤርትራውያን ብዘመድን ካልእን ምስኡ ዝተኣሳሰር ምኽንያትን ንቐጻሊ መሰሎም ከይጋሃስ፡ ናይ ስደተኛ ውሕስነቶም ዝረጋገጸሉ ሕጋዊ ኣገባብን መቖጻጸርን ክህልዎ ምስ ሰበ ስልጣን ሱዳን ክዘራረበሉ ከምዝግባእ ስክፍታና ክንገልጽ ኣገዳሲ እዩ።

17 ጥቅምቲ 2020 ሓባራዊ መግለጺ.

ምንቅስቃስ መንእሰያት ኤርትራ ንደሞክራሲ.

Eritrean Youth Movement for Democracy.

ማሕበር ኤርትራውያን ንለውጢ ኣብ ኢታሊ.

associazione eritrei per il cambiamenti in italia.

ምንቅስቓስ መንእሰያት ኤርተራ ንሓርነት.
Eritrean Youth Movement for Liberation